ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ንናይ ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቁጠባዊ ልምዓት ከይዲ ስራሕ ህንፀት መስኖ ፕሮግራም ምጥንካር ስረዓተ በጀት ኣብ ሰለሰተ ጣብያታት ዝስራሕ ዒስራን ሸሞንተን ናይ ሓባርዒላ ሰለሰተ ማንዋል ድሪልንግን ንምስራሕ ሕጋዊያን ብሰራሕቲ ማይ ተንከፈ ኮንስትራክሽን ዝተዋፈርኩም ኮንትራክተራት ደረጃ ኣርባዕተን ልዕልኡን ብምልክታ ፕሮፎርማ አወዳዲሩ ክስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 10, 2018 (ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 15, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ክልተ ሚልዩን
- ቦታ:ላዕላይ ቆራሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 15, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/

- ተን ሓባር ዒላን ማንዋል ድሪሊንግን ስራሕተን አብይ ከምዝሰርሓን ንስራሕ ዘድሊ በዝሒ መዓልትን ነዚ መዋዳደሪ ረቆሒ ካም ዝስዕብ ተዘርዚሩ አሎ
- ዓይነት ሰራሕ ስትራክቸር ሓበራዊ ዒለታት ዝርከበሉ ጣብያ ሓክፈን ዝረከበሉ ቁሸተ ደርሸም ዝረከበሉ ፍሉይ ቦታ ደርሸም በዝሒ ዓሰርተ ንህንፀት
- ዓይነት ሰራሕ ሓበራዊ ዒለታት ዝርከበሉ ጣብያ ዓዲ ቀማለ ዝረከበሉ ቁሸተ ዓዲ ኣብየ ዝረከበሉ ፍሉይ ቦታ ዓዲኣብየ አፍጋሕጋሕ በዝሒ ትሸዓተ
- ማንዋል ዲሪሊንግ ዝርከበሉ ጣብያ ዓዲ ቀማለ ዝረከበሉ ቁሸተ ዓዲ ኣብየ ዝረከበሉ ፍሉይ ቦታ ዓዲኣብየ አፍጋሕጋሕ በዝሒ ሰለሰተ
- ማንዋል ዲሪሊንግ ዝርከበሉ ጣብያ ዓዲ ቀማለ ዝረከበሉ ቁሸተ ዓዲ ኣብየ ዝረከበሉ ፍሉይ ቦታ ዓዲኣብየ አፍጋሕጋሕ በዝሒ ሰለሰተ
- ሓበራዊ ዒለታት ዝርከበሉ ጣብያ መስሕል ዝረከበሉ ቁሸተ ማይ ቆልዑ ዝረከበሉ ፍሉይ ቦታ ደንቢኣርቃይ ማይ ቆልዑ በዝሒ ሸድሸተ
- ሓበራዊ ዒለታት ዝርከበሉ ጣብያ መስሕል ዝረከበሉ ቁሸተ ማይ ደማስ ዝረከበሉ ፍሉይ ቦታ ቀርኒ ኣንበሳ በዝሒ ሰለሰተ ጠቅላላ ሳለሳን ሓደን
- ናይ ማይ ኮንስትራክሽን ደረጃ ኣርባዕተን ልዕሊኡን ከቅርብ ዝክእል
- ናይ 2017ን ወይ ናይ 2018 ዓም ዝተሓደሰ ፍቃደ ንግዲ ከቅርብ ዝክእል
- ናይ 2018 ዓም ዝተሓደሰ ብቅዓት መረጋገፂ ብማይ ተንከፍ ከቅርብ ዝክእል
- ናይ 2018 ዓም ዝተሓደሰ ወረቀት መቅረባይነት ከቅርቡ ዝክእሉ
- ወረቀት ምስክር ከፋላይነት ግብሪ ከቅርቡ ዝእክሉ
- ናት ተመዝጋበይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮንኩም ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2018 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረደእታ ከቅርብ ዝክእል
- ኩሎም ፍቃዳት ቴክኒካል ሰነድ ምሰ ሐደ ወናን ክልተ ቅዳሕን ብፖስታ ተዓሺጉ አተሓሒዙ ቴክኒካልን መረዳእታ ሰነድ ኢሉ ኣብቲ ፖስታ ተፃሒፉሉ ከቅርብ ዝክእል
- ተወዳደርት ኣብ መስርሒ ቤት ዕዩ ዘደለወ መምርሒ ተጫረቲ ኣብ ዝርዝር መዓቀኒ ዝተቀመጠ መብሪሂታትን አሰራሐታትን ገይሩ ህንፀት ሓባራዊ ዒለታት ማንዋል ዲልሪንግን ክሃንፅ ወይድማ ክፍፅም ዝክእል ክከዉን አለዎ
- ኩሎም ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ 8/4/2018 ዓም ክሳብ 15/4/2018 ዓም ጀሚሩ ኣብ ቤተ ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ቁፅሪ 14 ዘይምለስ 500 ቅርሺ ብምክፋል ክወስዱ ይክእሉ
- መከበሪ ጨረታ ክልለ ሚልዩን ቅርሺ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ስፒኦ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ናይ ባንኪ ኣንኮንድሽናል ባንክ ጋራንቲ አቀዲሙ ከቅርብ ዝክእል
- ተጫራታይ ኣብ ዝሐለፈ 7 ዓመታት ካብ 2011 ክሳብ 2017 ዓም ብኮንትራክት ወይድማ ብከፊል ኮንትራክት ኣብ ናይ ማይ ተንከፈ ስራሕቲ እንተናአሰ ሰለሰተ ፕሮጀክት ነንሕድሕዶም እንተናአሰ ኣርባዕተ ሚልዩን ብድምር ዓሰርተ ክልተ ሚልዩን ቅርሺ ዉዕሊ ኣሲሩ ብፅሬት ሰሪሑ ከምዝረከበ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል ብተወሳኪ በቲ ዝተዉሃቦ ዉዕሊ መሰረተ ብሰሌጠን ሰሪሑ ከምዝረከበ ናይ መወዳእታ ክፍሊት ምስክር ወረቀት ግዝያዊ ርክክብ ወይ ርክክብ ከቅርብ ዝክእል
- ተጫራታይ ነቲ ስራሕ መጀመሪ ዝኮን እንተናአሰ ክልተ ሚልዩን ቅርሽ ቅድሚ ምልክታ ጨረታ ምልጣፉ ኣብ ሒሳቡ ከምዝነበረ ዘሪ ምንቅስቃስ ፋይናንሻል መግለፂ ወይድማ ፋይናንሻል መረዳእታት ካብ ፍሉጥ ባንኪ ከቅርብ ዝክእልን እተን ክልተ ሚልዩን ቅርሺ ቅድሚ ክፍሊት ምዉሳዱ ንመጀመሪ ስራሕ ከዉዕለን ዝክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

- አብ ዉሽጢ 2016 ዓም ን 2017 ዓም ናይ ሐደ ዓመት ትርፉ እንተናአሰ ሸሞንተ ሚኢቲ ሸሕ ብር ትርፊ ከምዝረከበ ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት መረዳእታ ብደብዳቤ ከቅርብ ዝክእል
- ዉዕሊ ድሕሪ ምፍራሙ ነቲ ስራሕ መጀመሪ ካብቲ ናይ ጠቅላላ ዋጋ ክሳብ 20 ሚእታዊ ቅድመ ክፍሊት ኣብ ዉሽጢ 20 መዓልታት ብቅድመ ክፍሊት መልክዕ ዉዕሊ ተቀባሊ ክከፍል ይክእል እዩ ይኹን እምብር እቲ 20 ሚእታዊ ቅደመ ክፍሊት ሰዓራይ ጨረታ ኮንትራክተር ሪኡይ ዝኮነ ወይድማ ዝረአ ናይ ስራሕ ምንቅስቃስ ምስጀመረ እዩ ዉዕሊ ተቀባሊ ድማ ናይቲ ቅድመ ክፍሊት ገንዘብ ማዕረ ዝኮነ ወይ ተመጣጣኒ ዝኮነ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና አቀዲሙ ከቅርብ ዝክእል ክከዉን አለዎ
- ክፈሊት ዝምልክተ ዉዕሊ ተቀባሊ 30 ሚእታዊ ናይቲ ስራሕ ምስፈፀመ ቀዳማይ ክፍሊት ክሐትት ይክእል እዩ ካብዚ ክፍሊት እዚ ዉዕሊ ተቀባላይ አቀዲሙ ዝዉሰዶ 20 ሚእታዊ ቅደመ ክፍሊት ካብ ዝሰርሑ ስራሕቲ አብ ነብሰወከፍ ክፍሊት 30 ሚእታዊ እናተቆረፀ ተመላሲ የገብር ኣበ መጨረሻ 80 ሚእታዊ ምስበፀሐ ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ተመላሲ ይከዉን
- ተወሳኪ ዉዕሊ ተቀባሊ 60 ሚእታዊ ምስፈፀመ ካላኣይ ናይ ስራሕ ክፍሊት 30 ሚእታዊ ክሐትት ይክእል እዩ
- እቲ ዝተረፈ 40 ሚእታዊ ሚኣቲ ሚእታዊ ምስአጠናቀቀ ወይ ግዝያዊ ርክክብ ምስተገበረ ይክፈሎ
- ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳደሪ ኩሎም ዝተሐተቱ ረቐሒ አማላኢ ዝተሐተተ ዋጋ ዝአተወ ይከዉን
- ሰዓራይ ተጫረቲ ምስዓሩ ምስተፈለጠ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ዉዕሊ ብምእሳር ብዝተዉሃቦ ዲዛይንን ዝርዝር መዓቀኒን መሰረት ብፅሬት ሰሪሑ ከረክብ ዝክእል
- ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዝ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ንተከታታሊ 30 መዓልቲታት ይከዉን
- ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ሐባራዊ ዒለታትን ማንዋል ዲሪልግን ፕሮጀክት ስራሕ ሳይት ካብ ዝተረከበሉ ዕለት ጀሚሩ ንተከታታሊ 120 መዓዕቲ ሰሩሑ ከረክብ ዝክእል
- ሰዓራይ ተጫረቲ ድሕሪ ምስዓሩ ካብዝተፈለጠ ባንኪ መከበሪ ዉዕሊ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ዉሕስና ባንኪ ወይ ስፒኦ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ዉሕስና ካብቲ ጠቅላላ ዝሰዓሮ 10 ሚእታዊ ከትሕዝ ዝክእል ክከዉን አለዎ
- ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ዋጋ ሰነድ ዝሐዘ ሐደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ሐደ ቴክኒካልን ብምዕሻግን ብድምሩ ኣርባሽተ ዕሻግ ገፃ ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታት ምዓሸጉ ዋናን ቅዳሕን ብምባል ኣብቲ ኣናሽተይ ኩሎም ፖስታታት ብማርከር ብምፅሓፍ ማሀተም ኣብ ልዕሊ እቲ ፖስታ ክዓርፎ ብምግባር ዳግም ኩሎም ኣናሽተይ ፖስታታ ኣብ ካሊኡ ዓብይ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግን እቲ ማሀትም ክዓርፎ ብምግባር ናይቲ ዝጫርትሉ ፕሮጀክት ሸምን ናይ ኮንትራክተር ሸምን ኣድራሻን ኣብ ላዕሊ እቲ ዓብይ ፖስታ ብማርከር ብምፅሓፍን ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ህንፃ ቁፅሪ 14 ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ካብ 8/4/2018 ዓም ክስብ 15/4/2018 ዓም ሰዓት 400 ምእታዉ ይክእሉ
- ተጫረቲ አብ ዘቅርብዎ ዋጋ ሰነድ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሐዊሱ ከቅርቡ ይግባእ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሓዊሱ ዋጋ ዘይመለአ ተወዳዳሪ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምዝሐወሰ ተገይሩ ይዉሰድ
- ሰነድ ጨረታ ዝሐዘ ሳንዱቅ 15/4/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረክበሉ ይክፈት
- ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ
- ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914541690 0914699390 0914494138 0914388160

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle